Queensland Government

**Healthy Teeth for Life fact sheet**

# ኤችኣይቪን ጥዕና ኣፍኩምን

*እዚ ሓበሬታ ኣብ ኣፍ ናይ'ቶም ምስ ኤችኣይቪ ዝነብሩ ሰባት ክመጽእ ዝኽእል ለውጥታትን ጥዕና ኣፍ ንምዕቃብ ክወስድዎ ዝኽእሉ ስጉምትታትን ዝገልጽ እዩ።*

**ጥዑይ ኣፍ ኣገዳሲ ዝኾነ ስለምንታይ እዩ፧**

ለውጢታት ኣብ ኣፍ ኣብ'ቶም ምስ ኤችኣይቪ ዝነብሩ ሰባት ኣዝዮም ልሙዳት እዮም። እዚኦም ብሰንኪ ምድኻም ስርዓተ ምክልኻልን ከም ጎድናዊ ሳዕቤናት መድሃኒታትን ክለዓሉ ይኽእሉ። እዚኦም ለውጥታት ዘይምቾት ከስዕቡን ኣብ ምብላዕን ምድቃስን ጸገም ከስዕቡ ይኽእሉ። ጣዕሚ/ናይ ምጥዓም ዓቕሚ'ውን ክጽሎ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ኣብ ምርጫ መግብን ልምድታት ኣመጋግባን ለውጢ ከስዕብ ወይ ድማ ሸውሃት ምግቢ ከምዝገድል ክገብር ይኽእል። እዚ ብግዲኡ ንሓፈሻዊ ጥዕናን ጽቡቕ ሂወትን፡ ዓቕሚ ምጽዋር ቫይረስ ኣካላትናን፡ ብርግጽ ድማ ጥዕና ኣፍና ክጸልዎ ይኽእል። ምምሽማሽ ስኒን ሕማም ግርጻንን ንመልክዕ ሓደ ሰብ ክቕይርን ከም ትኽእሎ ንርእሰ-ተኣማንነቶም ክጸልዎን ይኽእል።

**ንቡራት ዘጋጥሙ ለውጢታት ኣብ ኣፍ**

<u>*ደረቕ ኣፍ*</u>: ዜሮስቶምያ (ደረቕ ኣፍ) ብሰንኪ ምዝንባዕ ስራሕ ምራቕ ዘመንጩ ጽኪ ዝመጽእ'ዩ፣ መጠን ዝፍጠር ምራቕ ዝንክይን/ወይ ድማ ዓይነቱ ዝቕይርን። ደረቕ ኣፍ ልሉም ወይ ከቢድ ክኸውን ይኽእል፣ ቀስ ብቐስ ከኣ ክምዕብል ይኽእል።

ኣብ ሓደ ምስ ኤችኣይቪ ዝነብር ሰብ፡ ደረቕ ኣፍ ብሰንኪ ሕበጥ ጽኪታት ምራቕ፡ ካብ መድሃኒት ዝመጽእ ጎድናዊ ሳዕቤናት፡ ህላወ ካልኦት ረኽሲታት ወይ ብምጥቃም ዘዘናግዑ መድሃኒታት/ዕጽታት ክመጽእ ይኽእል።

ምልክታት ደረቕ ኣፍ፡ ቃንዛ ጎሮሮ፡ ጸገም ምውሓጥ፡ ካብ መጠን ንላዕሊ ጽምኢ፡ ሕማቕ ጨና ትንፋስን ምንዳድ ወይ ቀጨጭ ዘብል ስምዒታት መልሓስ ወይ ኣፍን ይርከብዎም።

ምራቕ (ጥፍጣፍ) ናይ ኣካላትና ተፈጥሮኣዊ መከላኸሊ ኣንጻር ምምሽማሽ ስኒ'ዩ። ምራቕ ከም መኽዘን ናይ'ቶም ንደጋዊ ክፋል ስንና ክጥንክር ዝሕግዙ ከም በዓል ፍሎራይድ፡ ካልሲየምን ፎስፌትን ዝኣመሰሉ ማዕድናት ኮይኑ ብምግልጋል ንኣስናን ኣብ ምክልኻል ይሕግዝ።

ምራቕ ካብ ከባቢ ኣስናን ተረፍመረፍ መግቢ ሓጺቡ የውጽእ፡ ብብዕካኽ ወይ ዝተኣከበ ርስሓት፣ መግብታትን መስተታትን ዝተፈጥሩ ኣሲዳት የምክኖም፣ ንልስሉሳት ስጋታት/ቲሹታት ኣፍ ይከላኸልን ረኽሲ ካብ ምዕሳዉ ይከላኸልን።

ብደረቕ ኣፍ እንተተሳቐኹም ሓኪም ወይ ሓኪም ስኒ ነቲ ጠንቂ ብምልላይን ብምሕካምን ክሕግዘኩም ይኽእል። እዚ ካፊይን ዘለዎ መስተታት ምጉዳልን ትሰትይዎ ማይ ምውሳኽን ጥራይ ክኸውን ይኽእል።

ደረቕ ኣፍ ዘስዕቦ ዘይምቾት ንምፍዋስ፧

- ተደጋጋሚ ምዕንታት ማይ ውሰዱ
- ዋሕዚ ምራቕ ንምዕባይ ሽኮር ዘይብሉ ማስቲካ ሓይኹ
- 'መተካእታታት ምራቕ' (ካብ መብዛሕትኡን ፋርማሲታት ዝርከብ) ተጠቐሙ
- ንእሽቶ ፈሳሲ ዝነጽግ መትሓዚ ማይ (ኣቶማይዘር) ተጠቒምኩም ድሕሪ ገለ ውሱን እዋናት ናብ ኣፍኩም ማይ ንጸጉ።

ዝደረቐ ገጻት ስኒ'ውን ዝለዓለ ሓደጋ መጉዳእቲ ካብ ኣሲድ ኣለዎም (ካብ መግብታት፡ መስተታትን መድሃኒታትን)። ካብ ምምሽማሽን ምብሕጓግን ኣብ ምክልኻል ንምሕጋዝ፡ ሓደ ሓኪም ስኒ፡ ፍሎራይድ ዘለዎ መጎጽጎጺ ኣፍ፡ ጀል ወይ ዝለዓለ መጠን ፍሎራይድ ዘለዎ መድሃኒት ስኒ ምጥቃም እውን ክመክር ይኽእል።

<u>*ኣሰናን ምጭብጥን ምሕርቃምን፤*</u> ልምዲ ዝኾነ ምጭብባጥን ምሕርቃንን ኣስናን ወይ ኣብ እዋን ድቃስ ወይ ድማ ነቒሖም ዘለውሉ ሰዓታት ከም ዘይፍለጠካ ተግባር ኮይኑ ክኽሰት ይኽእል። ገለ መድሃኒታት ኤችኣይቪ ንደረጃ ድቃስ፡ ስሚዒት ወይ ጭንቀት ክጸልዉ ስለዝኽእሉ፡ ናይ ምጭብጥን ምሕርቃንን ኣሰናን ተኽእሎ ክውስኹ ይኽእሉ።

ኣስናን ምጭባጥን ምሕርቃንን ከቢድ ምእራግ ስኒን ቃንዛ መንጋጋን መላግቦን ከስዕብ ይኽእል። ነቶም ምስ ኤችኣይቪ ዝነብሩ፡ ጸገም ምእራግ ስኒ፡ ደረቕ ኣፍ ብምህላዎም ክጋደድ ይኽእል። ደረቕ ኣፍ ንኣስናን ንምእራግ ስኒ ዝያዳ ተቓላዕቲ ክገብሮም እዩ።

ምኽርን ሕክምናን ንምርካብ ንሓኪም ስኒ ተወከሱ።

*<u>ለውጢ ኣብ ጣዕሚ፤</u>* ለውጢ ኣብ ጣዕሚ ከም ጎድናዊ ሳዕቤን ናይ ኤችኣይቪ መድሃኒታትን/ወይ ካብ ጻዕዳ ዝሕብሩ ኣብ ኣፍ ዝወጽእ ትራሽ (ካንዲዲያሲስ) ክኸሰት ይኽእል።

ቅድሚ ምብላዕና ኣፍና ብማይ ምጉጽጓጽ ወይ ድማ ዘምከን መጎጽጎጺ ኣፍ ንጣዕሚ ክሕግዝ ይኽእል። ብዛዕባ ጣዕሚ ዘይብሉ መጎጽጎጺ ኣፍ ወይ ካልእ ምቹእ ክኸውን ዝኽእል ፍርያት ምኽሪ ንምርካብ ንሓኪም ወይ ሓኪም ስኒ ተወከስ።

**ብብዝሒ ዝረኣዩ ረኽስታት**

*ኣብ ኣፍ ዝወጽእ ዕሲ* (ካንዲዲያሲስ) ኣብ ኣፍን/ወይ ጎሮሮን ዝፍጠር ረኽሲ ፋንጋስ እዩ። ንሕማቕ ዝተቓልዐ ወይ ዝደኸመ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም፡ ንኣብነት ኣብ ሓደ ምስ ኤችኣይቪ ዝነብር ሰብ፡ ንሓደ ካብ መጠን ንላዕሊ ዝገዘፈ ዕሲ （ፋንጋስ） ናብ ረኽሲ ከምርሕ ዕድል ይህብ።

ኣብ ኣፍ ዝወጽእ ዕሲ፣ ኣብኦም ከይተሓጽረ፣ ኣብ ከባቢታት መልሓስ፡ ናሕሲ ኣፍን ውሽጢ ምዕጉርትን ብብዝሒ ይኽሰት። ከም ንኣሽቱ ወይ ዓበይቲ ጻዕዳ ምልክት ኮይኑ ይረአ። እዞም ምልክታት ብጨርቂ ክድረዙ ይኽእሉ፣ ኣብ ትሕቲኦም ድማ ቀይሕ ‘ጥረ’ ህዋስ/ቆርበት/ቲሹ ይረአ። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ኣፍ ከም‘ዚ ጸጉሪ ዘለዎ ኮይኑ ክስመዓኩም፣ ቁስሊን ሳሓን ክገብረልኩም እዩ።

እዚ ኣብ ዘይእለየሉ እዋን፡ ኣብ ጣዕሚ ርኡይ ለውጢ፡ ምጉዳል ሸውሃትን ስዒቡ ዝመጽእ ምጉዳል ክብደት ከምኡ’ውን ሓፈሻዊ ምንቁልቋል ጥዕናን ዓቢይ ለውጢ ከስዕብ ይኽእል።

ብኣፍ ትጥቀመሎም ጸረ-ዕሲ （ፋንጋስ） መድሃኒታት ኣለዉ። ጸረ-ረኽሲ መጎጽጎጺ ኣፍ ወይ ክሎርሄክሲዲን ዝሓዘ መለግለግ ዝብል ፈሳሲ （ጀል） ክሕግዝ ይኽእል። ብዘይካ’ቲ ካብ ሓኪም ወይ ሓኪም ስኒ ዝወሃብ ምኽሪ፡ ኣብ ኣፍ ዝወጽእ ዕሲ ንምምሕካም ዝሕግዝ ኣገባባት ኣመጋግባ ብዝምልከት ካብ ክኢላ ኣመጋግባ ወይ ክኢላ መኣዛታት መግቢ ምኽሪ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

*ኣብ ኣፍ ዘጋጥም ነድሪ ቆርበት* （*Angular chelitis*） ብሰንኪ ረኽሲ ዕሲን/ወይ ባክተርያን፡ ድኹም ኣመጋግባ ወይ ሕጽረት ምክልኻል ሕማም ክመጽእ ይኽእል። መብዛሕትኡ ግዜ ኣፍ ምስ ተኸፍተ ዝደሚ ኣብ ኩርናዓት ኣፍ ከም ዝነቕዐ ቀይሕ ንቑጽ ነገር ኮይኑ ይረአ።

ነቲ ረኽሲ ንምክልኻል፡ ከንፈርኩም ከንፈር ዘለስልስ （ባልም） ከምዝልስል ግበርዎ፡ ጽቡቕ ጽሬት ኣፍ ተለማመዱን ብዙሕ ማይ ስተዩን። ንምኽርን ሕክምናን ምስ ሓኪም ወይ ሓኪም ስኒ ተማኸሩ።

*ኦራል ሀይሪ ሉኮፕላኪያ* （*Oral hairy leukoplakia*） ኤፕስተይን ባር ብዝተባህለ ቫይረስ ከም ዝመጽእ ዝእመን ኮይኑ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ፈለማ መልከፍቲ ኤችኣይቪ ይኽሰት። ሓደገኛ ኣይኮነን፡ ግን ምልክት ምውሳኽ ጻዕቂ ቫይረስ ኤችኣይቪ ክኸውን ይኽእል። እዚ ከም ዝተዓጽፉ ጻዕዳ ምልክታት ኣብ ቆርበት ብተለምዶ ኣብ መልሓስ ወይ ኣብ ካልእ ከባቢታት ኣፍ ይረአ።

ንልክዕ መርመራ፡ ምኽርን ሕክምናን ንሓኪም ወይ ሓኪም ስኒ ተወከሱ።

*ሕማም ግርጻን (ጅንጅቫይትስን ፐርዮዶንታይትስን)* ብቐንዱ ብሸፉን ባክተርያ ዝመጽእ እዩ። እዚ ሕብሪ ዘይብሉን ተጣባቒን ሸፉን ሚልዮናት ባክተርያ ዝሓዘ ኮይኑ፡ ብቐጻሊ ኣብ ኣስናን ይፍጠር።

ጂንጅቫይተስ ማለት ነድሪ ግርጻን ኮይኑ፡ ቀይሕን ዝሓበጠን ይኸውን፡ ብፍላይ ኣብ ስንኹም ኣብ ትምውጽሉ ወይ ትስቕስቕሉ （ፍሎስ） እዋን ብቐሊሉ ይደሚ። ሕማም ጂንጅቫይተስ ሳሕቲ’ዩ ቃንዛ ዘለዎ፣ ምስ ምምሕያሽ ጽሬት ኣፍ ከኣ ናብ ንቡር ተመላሲ እዩ። ይኹን እምበር፡ ሕማም ጂንጅቫይተስ ብግቡእ እንተዘይተኣልዩ ናብ‘ቲ ዝያዳ ዝኸበደ ፐሪዮዶንታይትስ ከምርሕ ይኽእል።

ፐሪዮዶንታይትስ ከቢድን ዘይምለስን ዓይነት ሕማም ግርጻን እዩ። ፐሪዮዶንታይትስ ዓሚቕ ዝኾነ ነድሪ ግርጻን ብምፍጣር ኣስናን ኣብ ቦታኦም ንዘሕዝ ዓጽሚ ይትንክፍ። ፐሪዮዶንታይትስ መብዛሕትኡ ግዜ ቀስ ኢሉ ዝገድድ ኮይኑ መብዛሕትኡ ግዜ ቃንዛ ዘይብሉ’ዩ። ከይተሓከመ እንተ ተሪፉ፣ ፐሪዮዶንታይቲስ ነቲ ስኒ ምስ ኣዕጽምቲ ዝሕዞ መእሰሪ ከዕንዎ ይኽእል፣ ኣብ ክንድኡ ብዙሓት ባክተርያታት ዝእከቡሎም ቦታታት ወይ ‘ጁባታት’ ብምግዳፍ ናብ ቀዋሚ ዕንወት ኣዕጽምቲ ከምርሑ ይኽእሉ። እተን ነቕነቕ ዝበላ ኣስናንኩም ኣብ መወዳእትኡ ክወጻ ይኽእላ።

ኣስናን ብምምዋጽን፣ መስመር ግርጻን ንምኽታል ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ ብልስሉስ መወጽ （ቱዝብራሽ） ብምምዋጽን መሰቕሰቒ（ፍሎስ） ተጠቒምኩም ብምስቕሳቕን ነቲ ሽፋን ዝተኣከበ ርስሓት ኣልግስዎ። ናብ ሓኪም ስኒ ኣዘውቲርኩም ኪዱ። ሓኪም ስኒኹም ንኣጸራርያ ስኒ ዚሕግዝ ውጽኢታዊ ሜላ ከተማዕብሉን ዝኾነ ዝባዕከኸ (ካልኩለስ （ዝደረቐን ዘይደረቐን）) ካብ ኣስናንን ገበራት ሰራውርን ተልግሶም ኪሕግዘኩም እዮም።

ሽጋራ ምትካኽ ንሕማም ፐርዮዶንታትስ ብኸቢድ የተሓላለኽን ንጥዕና ኣፍ ከኣ ብሓፈሸኡ ይጸልዎን። ካብ ካልኦት ጎናዊ ሳዕቤናት፡ ሽጋራ ምትካኽ ንዋሕዚ ደም ናብ ግርጻን ይንክዮ፡ ስለዚ ንሓደ ከቢድ መሰረታዊ ጸገም ክሸፍኖ ይኽእል።

**ካልኦት ኩነታት**

*ቁስሊ.ታት ኣፍ* （*Mouth ulcers*） ኣዝዩ ዘሕምምን ናይ ሓደ ሰብ ናይ ምብላዕ ዓቕሙ ይጸሉን። ከቢ ቅርጺ ብዘለዎ ነድሪ ዝልለዩ ቀያሕቲ ጥባሓት ይመስሉ፣ ሙብዝሕትኡ ግዜ ቢጫ-ሓመዳዊ ሽፋን ኣለዎም። ቁስሊ ኣብ ታሕቲ ኣፍ፡ ኣብቲ ጎድኒ ኣስናን ዝርከቡ ህዋሳት ግርጻን፡ ኣብ መልሓስን ኣብ ውሽጢ ምዕጉርትን ክረኣዩ ይኽእሉ።

ቁስሊ.ታት ኣፍ ምስ ኣብ ተኣፋፊ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም፡ ጎድናዊ ሳዕቤናት መድሃኒት ወይ ኣብቲ ከባቢ ምስ ዝተሃርመ ኣካል ተኣሳሲሮም ዝመጹ ክኾኑ ይኽእሉ። ቁስሊ.ታት ኣፍ ምልክታት ካልኦት ቫይረሳት ክኾኑ ይኽእሉ፣ ምስ ተራእዩኹም ከይደንጎኹም ንሓኪምኩም ወይ ሓኪም ስኒኹም ጥቐሱሎም ኢኹም።

ማይጨው ጌርኩም ኣፍኩም ምጉጽጓጽ (ፍርቂ ማንካ ሻሂ ጨው ኣብ ሓደ ኩባያ ውዑይ ማይ) ኣብ ምሕዋይ ክሕግዝ ይኽእልን ካብ ቁስሊ.ታት ኣፍ ከኣ ዕረፍቲ ይህብ። ካብ ፋርማሲ ብዘይ ናይ ሓኪም ወረቐት ዝግዝኡ መድሃኒታት ከኣ ግዝያዊ ዕረፍቲ ክውህቡ ይኽእሉ። ኣብ ዝያዳ ተደጋጋምን ከቢድን ኩነታት፡ ብሓኪም ዝተኣዘዘ መድሃኒት ከድሊ ይኽእል።

*ካፖሲ.ስ ሳርኮማ (KS)* ኣብ ዳሕረዋይ ደረጃታት ረኽሲ ኤችኣይቪ ዝኽሰት ዘይንቡር ዝቦቐለ ነገር (ጥረ) እዩ። KS ብብዝሒ ከም ጸፊሕ ወይ ሕብጥ ዝበለ ሊላ ዝሕብሮም ነጠብጣብ ኮይኑ ኣብ ቆርበት ክረኣ'ንከሎ ኣብ ኣፍ እውን ክኽሰት ይኽእል።

ኣብ ውሽጢ ኣፍኩም ዝኾነ ዘይተለምደ ሕበጥ፡ ዝቦቐለ ነገር ወይ ምቕያር ሕብሪ ልስሉስ ህዋስ ምስ ኣስተብሂልኩም ብቕልጡፍ ካብ ሓኪምኩም ወይ ሓኪም ስኒኹም ምኽሪ ምሕታት ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ኤችኣይቪ ዘለዎም ሰባት ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ንምዕባይ ዝጠቕሙ ሕክምናታት፡ ብሓፈሻኡ ንቁስልታት KS ንምሕዋይ ይሕግዙ።

**ጥዑይ ኣፍ ብኸመይ ክሕሉ እኽእል?**

- ስንኹም መውጽዎ （ብራሽ） መስመር ግርጻን ብምኽታል ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ ብልስሉስ መወጽ （ቱዝብራሽ） ብምምዋጽን መሰቕሰቒ（ፍሎስ） ተጠቒምኩም ብምስቕሳቕን።
- ካብ መንጎ ኣስናን ሽፋን ርስሓት ንምእላይ ቀጻሊ ሰቕስቕዎ （ፍሎስ） ።
- ብዙሕ ማይ ቧንቧ ስተዩ።
- ዝያዳ ምራቕ ንምምንጫው ሽኮር ዘይብሉ ማስቲካ ሃይኹ።
- ጽቡቕ ሚዛን ዝሓለወን ጥዕና ዘለዎን መግቢ ተመገቡ። መምርሒ.ታት ኣመጋግባ ኣውስትራልያ ተኸቲልኩም ሽኮር ዘለዎም መግብታትን መስተታትን ገደብ ግበሩሎም። ጥዕና ዘለዎም ምቁር መግብታት ከም ፍረታት፡ በርበረን ኣሕምልትን ምረጹ።
- ሽጋራ ኣይትትክኹ።
- ንስሩዕ ምርመራታት፣ ቀዲምካ ትከላኸለሉ ክንክንን ምኽርታትን ብዛዕባ ፍርያት ክንክን ገዛን ናብ ሓኪም ስኒኹም ምብጻሕ ግበሩ።

**ምስ ሓኪም ስኒ ካብ ዘለኒ ርክብ ከመይ ጌረ እየ ዝበለጸ ረብሓ ዝረክብ?**

ኣስተምህሮ （ኮርስ） ክንክን ጥዕና ኣፍኩም፣ ናይ ስኒ ሓኪምኩም፣ ምሳኹምን ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምኩምን ብምሽራኽ፣ ከዳልውዎ እቲ ዝበለጸ እዩ።

Queensland Government



*ናይ ኤችኣይቪ ኩነታተይ ምግላጽ የድልየኒ ድዩ?*

ምስ ኤችኣይቪ ዝነብሩ ሰባት ኩነታት ጥዕንኦም ንሰብ ሞያ ጥዕና ክገልጹ ዘገድድ ሕጋዊ ጠለብ የለን። ይኹን እምበር፡ መልከፍቲ ኤችኣይቪ መብዛሕትኡ ግዜ ገለ ፍሉያት ጸገማት ጥዕና ኣፍ የቖርብ፡ ስለ'ዚ ኩነታት ጥዕናኹም ምግላጽን ዝርዝር መድሃኒታትኩም ምቕራብን ዝሓሸ ውጽኢት ጥዕና ክውህብ ይኽእል።

ኩነታት ጥዕናኹም ይገለጽ ኣይገለጽ፡ ኩሉ ሰብ ብሓልዮትን ብዘይ ኣድልዎን ኣገባብ ፍትሓውን እኹልን ኣተሓሕዛ ክወሃቦም መሰል ክም ዘለዎም ኣይትረስዑ። ብተወሳኺ ንድሕነቶም ወይ ክትከላኸሉሎም ኢልኩም ንሰብ ሞያ ጥዕና ኩነታት ጥዕናኹም ክትገልጹ ሕጋዊ ግዴታ የብልኩምን። ሓካይም ስኒ፡ ናብ ብደም ዝመሓላለፉ ቫይረሳት ናይ ምቕላዕ ሓደጋ ዝቕንሱ ኣገባባት ምቁጽጻር መልከፍቲታት ዝሰልጠኑ እዮም።

**ዘክር**

- ንዝበለጸ ክንክን ምሳኹምን ምስ ሓኪምኩምን ብሽርክነት ዝሰርሕ ሓኪም ስኒ ርኸቡ። ንስሩዕ ምርመራታት፣ ቀዲምካ ትከላኸለሉ ክንክንን ምኽርታት ብዛዕባ ፍርያት ክንክን ገዛን ናብ ሓኪም ስኒኹም ምብጻሕ ግበሩ።
- ንበለጸኛታት መልከፍቲታት ትቃልዕሉ ኩነታት ንምንካይ መዓልታዊ ጽቡቕ ጽሬት ኣፍ ምዝውታርኩም ኣረጋግጹ።
- ምልክታት ረኽስን ርኡያት ምቅይያራትን ንምታሽ ግዜ ወሲድኩም ውሽጢ ኣፍኩም ረኣይዎ።
- መልከፍቲ ኤችኣይቪን ምስ ምሕካሙ ክመጹ ዝኽእሉ ጎድናዊ ሳዕቤናትን ንሕክምና ስኒ ብዓሃዊ ክገብርዎ ዝኽእሉ'ኳ እንተኾኑ፡ እዚኦም ጸገማት ባዕሎም ከኣ ንክንክን ኣስናንኩምን ኣፍኩምን ዝያዳ ኣገዳሲ ይገብርዎ።

**ንዝያዳ ሓበሬታ**

- ምስ ሓኪም ስኒኻ ተራኸቡ
- ኣብ www.health.qld.gov.au/oralhealth ተወከሱ
- ስቱር ምኽሪ ጥዕና ንምርካብ 24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ፣ ሸውዓተ መዓልታት ኣብ ሰሙን ናብ 13 HEALTH (13 43 25 84) ደውሉ።
- ኢመይል oral_health@health.qld.gov.au

© The State of Queensland, Queensland Health, 2024.